# ፍቱዋት ደቂ ኤረ፡ ብጽንዓትን ሓድነትኩምን ተሓቢንና ኰሪዕና!

ደንጽዩና ሓድነት ናይዚ ጅግና ህዝቢ፡ መዘና ኣልቦ ጽንዓቱ፡ ጕዳም'ዩ ኪዓቢ።
ኣማኒ ክርስቶስ ሓቢሩ ምስ ኣማኒ ረቢ፤ ብስምረት'ዩ ዚስጕም በዛ ሓንቲ ልቢ።
ሰብኣዩ ሰበይቱ ዓጢቑ፡ ሃገሩ ሓብሓቢ፤ ንዝጠለበቶ ኵሉ ዓይኑ ከይሓሰየ ዝናቢ።
ከይተጸውዐ ዝብገስ፡ ብዘይ መተሓሳሰቢ፥ ልክዕ ከምዛ ቆፎኡ ዝተንከፍካሉ ንህቢ።
ሃገር እትደልዮ ኵሉ፡ ብትኽረት ተዓዛቢ፤ ብጽንዓቱ ሓድነቱ ኮይኑ ዓለም መዛረቢ።

ደቅዛ ሓላል መሬት፡ ኵልኹም ብሓበራ፤ ኣብ ወጻኢ ሃልዉ፡ ኣብታ ቅድስቲ ስፍራ፤
ሕልናኹም ብሓንቲ ልቢ፡ ከቲታ ሰሚራ፤ ነታ "ዓወት ንሓፋሽ!" ጭርሖ ዘሚራ፤
ኣዝዩ ብዘስደምም ጽንዓት ተበራቢራ፤ ኣለናልኪ ሂወትና፡ ትብሉዋ ንኤርትራ።
ዘገርም'ዩ ግን እንታያ'ዩ እቲ ምስጢራ? ንኤርትራና ካብ ኵለን ፍልይቲ ዝገብራ?
መስዋእቲ ምጥላቡ፡ ንምዕቃብ ክብራ፤ ከም ዓለማ'ዶ ከይኰነት ማዕረ ተፈጢራ?

ሃየ'ሞ ንበገስ፡ ነታ ምስጢር ንመርምራ። ካብታ ርእሲ ከተማና ንበገስ ካብ ኣስመራ፤
ንውረድ ብኸረን ባረንቱ ዶብ ሑመራ፤ ንደይብ ብኣፍዓበት ናቕፋ ክሳብ ቃሮራ፤
ናብቲ ጽኑዕ ድፋዓት፡ ናይ ጀጋኑ ስፍራ። ንደይብ ከበሳ፡ ክሳብ ዓዲ በጊዖ መንደፈራ።
ንውረድ ብጊንዳዕ፡ ሽዕብ ንባጽዕ ባሕራ፤ ንቐጽል ብገልዓሎ ዓሰብ ክሳብ ራስዱሜራ፤
ንጠወ ንግንባር ቡሬ፡ ጸላኢ ዝተቐብራ፤ ንፈትሾ መሬታ ባሕራ ቈራሪ ምስ ሃሩራ።
የለን ስድሪ መሬት፡ ሰውእ ዘይተቐብራ። እልቢ ደምን ርሃጽን ዘይፈሰሳ ንምሕራራ።




እወ! ነጻነትና ብዋዛ ኣይኰነትን ተረኺባ። ሂወት ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት'ያ ጠሊባ።
ክንደይ'ውን ሰንኪላ ዓይኑ ብርካ ተቐሊባ፤ ክንደይ ከኣ ጕልበታ ንብረታ ኵሉ ኣረኪባ።
ምድሪ ተጋዳላይ፡ ወዳ ምስ ጓላ ዝርካባ፤ ንጥሜትን ጽምእን ሰዊራ ቦጅቦጅ ተቐሊባ፤
ዘይጽወር ጸይራ ንታንክታት ኣረብሪባ፤ ንኹሉ ወራራት ደማሲሳ ቅያታት ኣመዝጊባ።
ንምኩሓት ኣንበርኪኻ ዓወት ተመጊባ፤ ንሓፋሽ ነጻነት ኣረኪባቶ፡ ተመጕሱ ሰትዩ ጸጊቡ።

ድሕሪ ነጻነት'ውን ጕዕዞ ንጀምር ብሳዋ፤ ካብታ ጽኑዓት መንእሰያት ዝተረከቡዋ።
ንስገር ንዲጋ ገርሰት ፋንኮ ጽሙእ ራዋ፤ ንስገር ንዓሊጊድር ቦታ ልምዓት ራህዋ፤
ንኺድ ሕርሻ ኣላቡ ልምዓት ፎርቶሳዋ፤ ንዙር ናብ ዲጋታት ጽምኢ ህዝቢ ዘርሃዋ፤
እቲ ዘይጸዓድ እኳ'ዩ ንኤርትራና ሃኒጹዋ። ነታ ከውሒ ዝነበረት ለምለም ቀይሩዋ።
ዓለምና ነቲ ዝረኣየቶ ምእማን ጸጊሙዋ፤ እገዳታት ክሳብ ትእውጅ ዓቕላ ጸቢቡዋ።
ንዙራ ኤውሮጳ ሽወደን ዓባይ ብሪጣንያ፤ ብሆላንድ ጀርመን ክሳብ ጫፍ ኢጣልያ፤
ንኣመሪካ ብሲያትል ኦክላንድ ካሊፎርንያ፤ ብሚነሶታ ዳላስ ክሳብ ዋሺንግተን ብዓባያ፤
ንኣፍሪቃ'ውን ካብ ደቡብ ሰሜን ሊብያ፤ ብሴነጋል ናይጀርያ ሱዳን ኡጋንዳ ኬንያ፤
ንኤስያ ከኣ ብቺና ጃፓን ክሳብ ስዑዲያ፤ ብሩስያ ህንዲ ንኢንዶነዥያ ኣውስትረልያ፤
መትከል ኤሪዲያስፖራ ብግልጺ ተራእያ፤ ሓንቲ ጽንዕቲ ምኻና ኣብ ዝሃለወት ሃልያ።
እስከ ገለ ክንብል ካብ ልቢ ኤሪዲያስፖራ፤ ሰላማዊ ሰልፊ ብራሰልስ ከመይ ድያ ኔራ?
ባይቶ ኤውሮጳዊ ሕብረት'ኳ ባህሪራ፤ ርእያቶ ብዘይትፈልጥ ጽንዓት ተሸቝሪራ።
ጕዕዞ ሰላማዊ ሰልፊ ጀኔቭ'ውን ንዘክራ፤ ምስ ዋሺንግተን ሳንፍራንሲስኮ ብሓበራ፤
ናይ ኣውስትረልያ ሜልበርን ደማሚራ፤ ሓቀኛ መትከል ክብርቲ ሃገርና ኤርትራ፤
ሰላም ምኻኑ ዘብርሃቶ ንዓለምና ኣነጺራ፤ ዓቕለን ክሳብ ዝጸበን እተን ሓሶት ዘዳኽራ።

ልቢ ደቂ ኤርትራስ እንታይ'ዩ ምስጢራ? ኣብ ኵሉ ብሓደ ቅኒት ክትወቅዕ ዚገብራ?
ዘይርአ 7ይ ህዋስ ከምዘለዋ ዘተሓባብራ፤ ገለስ ኪህሉ ኣሎዋ'ምበር ብምስጢር ዚነግራ!
ንወከስ ንኹለን ግንባራት ጀጋኑ ዝነበራ፤ ናደው ዓዲ ሽሩም ክሳብ ደቀምሓረ ብሓበራ፤
ታሪኻዊ ስርሒት ፈንቅል ባጽዕ ዝሓረራ፤ ንግንባር ጊንዳዕ ክሳብ ምሕራር ኤርትራ፤
ቅያታት ተፈጺሙ ሓፋሽ ጸባ ተደሪራ። ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ቀሲኑ ኤሪድያስፖራ።

ብዓወት ግን ኣይተዛነየን ኤርትራዊ ህዝቢ፤ እጅግኡ'ዩ ሰብሲቡ ብስምረት ከምንህቢ።
ብመትከል ርእሰ ምርኮሳ ኪሃንጻ ኪትዓቢ፤ ርእሳ ንኽትክእል ብቐረብ ናይ መግቢ።
ኣብ ሳዋ ተደኲኑ ንመንእሰያት ሓብሓቢ፤ ብሞያ ዘህጥር ቴክኒክን ፍልጠትን ቀላቢ፤
ትሕተ ቅርጺ ተነጺፉ ንሓፋሽ መራኸቢ፤ መወከሲ ሆስፒታላት ውሕስ ጥዕና ወሃቢ፤
ኣብያተ ትምህርቲ በዚሑ ኣብ ኹሉ ከባቢ፤ ምዕባሌ ኤርትራና ኣስደሚሙ ንተዓዛቢ።

እዛ ቅድስቲ ኤርትራ እትሓድር ብጽፍራ፤ ሓቂ ዝሕላገታ ንሕድሪ ስዉኣት ኣኽቢራ።
ናታ ዘይትህብ ዘይናታ ፍጹም ዘይምቅራ፤ ከይትኸውን ከምተን ቅድሚኣ ነጻ ዝነበራ፤
ብዓሌት ሃይማኖት ዚዋድኣ ብጎዞሞ ካራ። ኣኽል ታርፍ እናሃለወን ከፍርያ ኣዝመራ፥
ሓገዛት ዘማዕድዋ ኣእዳወን እናኣጣምራ። ብሰንኩ ድማ ይኸድማ ብማዕዶ ይዝወራ።
ስለዚ'የ ከኣ ብመንነተይ ዝኾርዕ ዘፍቅራ! ዝኾርዕ ዝሕበን ብጅግና ህዝቢ ኤርትራ !!
ዮሃና ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ! ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ! መትከል ኣስመሮም ሽወደን።